# መስርሕ ምስግጋር

# ዕድላት ትምህርትን፡ ምምራጽ ሞያን

ሓበሬታ ንወለዲ

*Elterninformation Übertrittsverfahren*
*Bildungswege & Berufswahl*
*Tigrinya*

LUZERN
KANTON LUZERN

Dienststelle Volksschulbildung | volksschulbildung.lu.ch

# ምስግጋር ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፣ ዕድላት ትምህርትን ምምራጽ ሞያን

ድሕሪ 6 ዓመት ናይ መባእታ ትምህርቲ፡ ሕቶታት ብዛዕባ ናይ መጻኢ ሞያዊ ዕድላት ቆልዑ ይልዓሉ እዮም። ወለድን መማህራንን ብሓንሳብ ኮይኖም ነቲ ተመሃራይ እቲ ዝበለጸ ዕድል ትምህርቲ ክረኽበሉ ዝኽእል መገዲ ይውስኑ። ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓተ ትምህርቲ ንመንእሰያት ኩል ግዜ ድሒሮም ናይ ስራሕ ህይወቶም ንኸማዕብሉ፡ ናይ ሞያ ትምህርቲ ንኽመርጹ ዕድል ይህብ እዩ።

## 1. ናይ ምስግጋር መስርሕ

ኣብ ግዜ መስርሕ ምስግጋር፡ ምርጫ ይካየድ። መማህራን ምስ ወለዲ ኮይኖም፡ ናይ`ቲ ተመሃራይ ዓቕሚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስኡ ዝሰማማዕ፡ ደረጃ ትምህርቲ ይመርጹሉ። እዚ ማለት ወይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ክፍሊ A ክሳብ C ወይ ድማ ጅምናስዩም ማለት እዩ። ምስ ግዜ ድሒርካ`ውን፡ ካብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ክፍሊ A፡ ናብ ጅምናስዩም ምቕያር ይከኣል እዩ።

**ናይ ሓበሬታ ምሸት**

ኣብ 5ይን 6ይን ክፍሊ፡ ናይ ሓበሬታ ምሸት ይካየድ። እቶም መማህራን ብዛዕባ ኣገባብ ናይ`ዚ ምስግጋር መስርሕ ሓበሬታ ይህቡ። ስለዚ ተሳታፍነት ወለዲ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

**ናይ ገምጋም ዝርርብ**

ወለዲ፡ ኣብ 5ይ ክፍሊ (ኣብ ወርሒ ሰነ)፡ ከምኡ`ውን ኣብ 6ይ ክፍሊ (ኣብ ወርሒ የካቲት)፡ ናብ`ዚ ናይ ገምጋም ዝርርብ ይዕደሙ። እቶም ወለዲ ምስ መማህራን ኮይኖም፡ ብዛዕባ ኩነታት ትምህርቲ፣ ነጥቢ፣ ጠባይ፡ ከምኡ`ውን ናይ`ቲ ተመሃራይ ናይ ምዕባለ ተኽእሎታት ይዘራረቡ። እዚ ዝርርብ ግዴታ እዩ።

ወለዲ፡ ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ኣቐዲሞም ክዳለዉ ክኽእሉ፡ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ተወሳኺ ናይ መዳለዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ።
*www.volksschulbildung.lu.ch/r/uev_beobachtung_eltern*

**ናይ ሓባር ውሳኔ**

ኣብዚ ናይ ገምጋም ዝርርብ፡ ኣብ 6ይ ክፍሊ፡ ወለድን መማህራንን፡ ብዛዕባ ዓይነት ክፍሊ I፡ ማለት (ቀዳማይ ዓመት) ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ይውስኑ። ወለዲ እዚ ውሳነ ብሓባር ከምዝተወሰደ ንምርግጋጽ ይፍርሙ።

**ዘይምስምማዕ**

እንተድኣ መማህራንን ወለድን ዘይተሰማሚዖም፡ ካልእ ግዜ ናይ ዝርርብ ቆጸራ ይግበር። ወለዲ ካልእ ኣማኻሪ ሰብ ክጽውዑ ይኽእሉ። እተድኣ እቲ ዘይምስምማዕ ቀጺሉ፡ እቲ ናይ መሰጋገሪ ዶኩመንት ንወለዲ ይወሃብ። ወለዲ፡ እቲ ዝተዋህቦም መዝገብ ተመሃራይ ሒዞም፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ፡ ንውላዶም ናብ ዝደለይዎ ቤት ትምህርቲ ከመልክቱ ይኽእሉ። እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኮሚቴ ድማ ኣብ መወዳእታ ውሳኔ ይህብ። ኣብ መወዳእታ ወለዲ፡ በቲ ውሳነ እንተ ዘይዓጊቦም፡ ናብ ክፍሊ ትምህርትን ባህልን ክጠርዑ ይኽእሉ።

## 2. ሓገዝ ኣብ ግዜ ምምራጽ ሞያ

ድሕሪ እዚ ናይ ምስግጋር መስርሕ፡ 3 ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወይ ድማ ንውሕ ዝበለ ግዜ ናይ ጅምናስዩም ትምህርቲ ይጅመር። እዚ ትምህርቲ 6 ዓመት ይወስድ።

**ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ**

እዚ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ 3 ዓመት ይወስድ። ኣብ ግዜ መስርሕ ምስግጋር እቲ ተመሃራይ ኣብዚ ዝስዕብ ደረጃ ይምደብ፡

- ደረጃ A, ላዕለዋይ መምዘኒ ዝጠልብ
- ደረጃ B, ማእከላይ መምዘኒ ዝጠልብ
- ደረጃ C, መባኣታዊ መመዘኒ ዝጠልብ

ተመሃራይ፡ ንብቕዓቱ ኣብ ግምት ብምእታው ደረጃ ትምህርቲ ክቕይር ይኽእል።

እቶም ተመሃሮ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ነቲ ዘሎ ናይ ሞያ ዕድላት ክድህስሱ ይጅምሩ። ሞያ ክመርጹ ከሎዉ ድማ ሓገዝ ይግበረሎም። ንሳቶም ወይ ናይ ሞያ ትምህርቲ ምስ ስራሕ፣ ማእከላይ ስነ ኪነት ትምህርቲ፣ ወይ ድማ ናይ ሓጺር ግዜ ጅምናስዩም ትምህርቲ ይጅምሩ።

**ናይ ሓጺር ግዜ ጅምናስዩም**

መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ደረጃ A ዝማሃሩ፡ እንተድኣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ 2ይ ዓመት፡ ትምህርቲ ነፊያም ወይ ጽቡቕ ብቕዓት ኣርእዮም፡ ናብ ሓጺር ግዜ ዝወስድ ጅምናስዩም ትምህርቲ ክቕይሩ ይኽእሉ። ድሕሪ 4 ዓመት ድማ ፈተና ይገብሩ። ኣብዚ ምቕያር`ውን ናይ ምስግጋር መስርሕ ኣሎ። እቶም ተመሃሮ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ፡ ኣብ ምጅማር 2ይ ዓመት፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ብቀጥታ ናብ`ቲ መምህር ብምኻድ ከመልክቱ ይኽእሉ።

## 3. ዕድላት ትምህርቲ

ናይ ቆልዑ ናይ ምዕባለ ግዜ ይፈላለይ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ድሌትን፣ ህንጡይነትን ንዝለዓለ ሞያዊ ትመህርቲ፡ ድሒሩ ይርአይ። ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ንኹሉ ኣብ ግምት ዘእተወን፡ ንዝኾነ ሰብ ናይ ስራሕ ዕላምኡ ንኽተግብር ዘኽእልን ስርዓት እዩ። ብፍላይ ድማ እዘን ናይ ሞያ መሰልጠኒ ማእከላት፡ ክሳብ እቲ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ኣብ ምሃብ፡ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብራ።

ንስርዓተ ትምህርቲ ዝምልከት፡ ኣብ ኢንተርነት ብስእሊ መልክዕ ቀርቡ ኣሎ፡
*www.volksschulbildung.lu.ch/r/schulsystem*

## 4. ብቀረባ ዝሕተት ሰብ ንወለዲ

ወለዲ፡ ንመማህራንን ንሓለፍቲ ምምሕዳር ቤት ትምህርትን፡ ብቀረባ ክረኽብዎም ይኽእሉ።

**FABIA**

(FABIA) - ፍሉይ ማእከል ምኽርን ውህደትን ንወጻእተኛታት ዘገልግል፡ ነጻ ዝኾነ ትካል እዩ። እዚ ትካል ንኹሎም ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ዘይኮኑ፡ ሕቶታት፣ ጸገማት፣ ወይ ሽግራት፣ ምስዝህልዎም፡ ብነጻ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይህብ።

*www.fabialuzern.ch*

KANTON LUZERN

Bildungs- und Kulturdepartement
**Dienststelle Volksschulbildung**
Kellerstrasse 10
6002 Luzern

www.volksschulbildung.lu.ch

ነሓሰ 2015